**ንግጥሚ ወይጦ ኣንቢብኩም ፍረዱ**

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*ብ,በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*



*መልሲ ንዑሱብ ተወልደ ኣዳም*

*ተካል ዘመን ጉዳም ዩ ጉዳም*

*ጅግና ኢልዎ ነቲ ሰታይ ደም*

*ነዚ ክትገጥም ወዲእካዮ ቀለም..*

*እንጣጢዕ ንዘርእ ኣለና*

*ነቲ መጽነቲ ህዝብና*

*ሰሚኻዮ ጅጋና መራሒና..*

*ጀጋኑ ስ,ኣብ ስንጭሮታት ተሪፎም*

*ምስ ዋዕሮታት ሐብሮም ተበጅዮም*

*ኣይኣተውን በጃ ህዝቦም ወዲቖም..*

*ንግጥሚ ወይጦ ኣንቢብኩም ፍረዱ*

*ንጉሒላ ሳሕል ጅግና እንዳበሉ ዝሰግዱ*

*ኩሉ ንሱ ብኢዱ ንጀጋኑ ኣጽኒቱ ሰዋዱ..*

*ንጳጳስና ዝኣስር ንዓጣኒ ደብሪ*

*ንጋኔን ኢካዮ ሂያብ ናይ ፈጣሪ*

*ዓጢነ ዶ ክብለካ መቃባጠሪ..*

*ነቲ ከዳዕ ዝበልዓሉ ጳሕሊ ዝሰብር*

*ወዲ ሳሕል ምዃኑ ኣሎካ ዶ ምስክር*

*ጅግና ወዲ ሳሕል እንዳበልካ ትፍክር..*

*ንዘይ ዋኑኡ ሂብካዮ ጅግንነት ገድሊ*
*ገባሪ ቅያ ትማሊ ኣብ ዝባን ታንኪ ዓላሊ*
*ውጻእ ማዓት ነዓይ ይጥዓመነ ዘይበሃሊ*
*ዓለም ኣዛሪቡ ሓሊፉ ጅግና ወዲ ዓሊ..*

*ኣምላኽ ዝጸልኣልካ ንስኻ*
*ሽላ,ስ ንዓኻ ኣሜን ኢካ*
*ፍትሒ ምስ ነገሰ ንሱዩ ቦታኻ..*

*ብዘይ ወዓሎ ሰማይ ሰቛልካዮ ሽሙ*
*ንኽትሕሱ ፓስ  ሂቡካ ፈሪሙ*
*ንሓርበኛታት ትብል ኣይተጸልሙ*
*መራሒ ኻ ሓኽሊ ድሙ*
*ኣይኮነን ንስዉኣት ንህሉዋት ጠሊሙ..*

*ጀጋኑ ሳሕል,ስ ኣይኣተዉን ንዓዲ*
*ቢኢዱ በብሓደ ኣጽኒቱ ንደቂ ዓዲ*
*ዓገብ ዝበሉ በልዮም ብዘይ ፍርዲ..*

*ኢሰያስ ንህዝቢ ኤርትራ ሰሪሑ ኣይፈልጥን,ብጀካ ውድትን ቅትለትን ዕወትን, ዕላማ ዘለዎ ንደቀባት ክብትን, ድቃስ የብሉን ለይትን መዓልትን, ተወልደ ኣዳም ጅግንነት ዘይናቱ ክትህቦ ኣይትፈትን, እንታይ የራኽቦ ኽ, ሳሕልን ተንበንን, ወዲ ሳሕል ኣይኮነን እምም ግን,ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ከም ዝዓበየ ንኣምን, ክወግሕዩ ሕልና ኣልቦ ሕማም ዓደቦ,ንሕና ንሱ ዕንቅርቢት ተመን, ሓሰውቲ ደቂ ሃገር ሰብ ገበን።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና*
*ዕንወት ንህግደፍን ኣምለኽቶምን*

## ሕጂ'ንሱ

ፈቲኹም ጸሊእኩም ንሱ ኢና ንሕና
እቲ ወዲ ሳሕል ዘይጽዓድ ጂግና
ሂያብ ናይ ፈጣሪ ክቡር መራሒና
ንስኹም ትግዕሩ ንሱ ድማ ይስጉም
ክትምስክሩ ክትምሕሉ መን ዕድል ሂብኩም
ናብ ሽይላ ትሰግዱ ኣምላኽ ጸሊእልኩም
ስሙ ከተኽፍኡ ከይደቀስኩም ትሓልሙ
ንሱ ግን ኣየዕረፈን መዓስከ ደኺሙ
ንስኹም ክትሕስዉ ንሱ ግን ብዙሕ'ዩ ዓሚሙ
ፍሪኡ ክርኢ ንዝጀመሮ ትልሙ
ወዲ ሳሕል እዩ'ዩ እቲ ናይ ትማሊ
ካብ በረኻ ዝኣተወ መሪሑ ንገድሊ
ወዲ ኣፎም ጂግና ኣላይ ሽምጋሊ
ዓወት ንሓፋሽ!!! ህግደፍ ይንበር-ንኽብሪ ሃገር።



*ኣብ ፌስቡክ ዘረኸብኩዎ ግጥሚ, ኣንቢብኩም ፍረድዎ..*